# ሓጺር ጸብጻብ ጉባኤ ማሕበር ምትሕግጋስ  ደበስ ኤርትራውያን ሲያትልን ከባቢኣን

ሳልሳይ ጉባኤ ናይ ማሕበር ደበስ ኤርትርውያን ኣብ ዋሺንግቶን ስተይት፡  ቀዳም ዕለት 02/17/24 : በቲ ዝተመደበ መደብ-ዕዮ መሰረት : ካብ 2፥00 ክሳብ 6፥30 ድቀ ብተሳትፎ ናይ ብዙሓት ኣባላት ተኻይዱ።

እዚ ኣብ ኣዝመራ ቤት መግቢ ዝተኻየደ ዕዉት ጉባኤዚ : ድሕሪ ናይ ምሳሕ ግብጃ ልክዕ ሰዓት 2:00 ድቀ ብኣቦመንበር ኣቶ ኤልያስ ገብረስላሴ ብምዉቕ ሰላምታ ተኸፊቱ። ቀጺሉ ብዋና ጸሓፊ ኣቶ ምስግና ባህታ ናይ ክልተ ዓመት ናይ ማሕበር ጸብጻብ ቀሪቡ።

ስዒቡ ብኣቦ መምበር ዳህሳሲት ሓገዝ ሽማግለ : ኣቶ ክፍለማርያም ሰቛር ናይ ዳህሳሲ ሽማግለ ጸብጻብ ቀሪቡ።

ቀጺላ ተቛጻጻሪት ወይዘሮ ጽገሬዳ ተስፋልደት ጽፉፍ ናይ ኦዲት ጸብጻብ ድሕሪ ምቕራብ ተሓዝ ገንዘብ ኣቶ መርሃጽዮን ማና ናይ ተሓዝቲ ገንዘብ ጸብጻብን ዘሎ ህልዊ መጠን ገንዘብን ሓበሬታ ሃበ።

ስዒቡ ኣብ ምምሕያሽ ዓንደ-ሕጊ ማሕበር ኣገዳሲ ክትዓት ድሕሪ ምክያድ ካብ ዝጸደቑ ዓበይቲ ምምሕያሻት : እቲ ንስድራ-ቤት ወይ ወከልቲ መዋቲ ኣባል ዝወሃብ ሓገዝ ካብ $10,000 ናብ $20,000 ክዛይድ ተወሲኑ ኣሎ።

ኣብ ውሽጢዚ ክልተ ዓመታት ፥ ክሳብ ቀዳም 02/17/24 ዝኣተዉ ሓደስቲ ኣባላት ድማ 72 በጺሖም ኣለዉ።

ኣብ መወዳእታኡ ኣብ ዝተኻየደ ምምራጽ : ሕጹያት ኣባላት ድሕሪ ምሕጻይ ፥ 9  ተካእትን ተጠባባቕትን ኣባላት ኣካያዲት ሽማግለ ብስቱር ድምጺ ተመሪጾም ኣለዉ።

ማሕበር ደበስ ኤርትራውያን ኣብ ዋሺንግቶን ስተይት  ብገንዘባዊ ዓቕሚ እናዓበየ : ብቁጽሪ ኣባላት ድማ እናሰፍሐ ይኸይድ ኣብ ዘለወሉ እዋን ኩልና ዝያዳ ውዕዉዕ ንስጓስ ብምክያድ ኣብ ዋሺንግቶን ስተይት ብብዝሒ ኣባላት ከም እንእቱ ንግበር።

ከምቲ ኣብቲ ጉባኤ ክቀርብ ዝወዓለ ለበዋ ኣብዚ  ዓመትዚ ሓደ ኣባል እንተወሓደ ሓደ ሓድሽ ኣባል ክነእቱ ንጽዓር።

ኣብ መወዳእታ ንሓው ኣቶ ሚካኤል ትኳቦን ወይዘሮ ኣዝመራ ዘርኤን ኣብ ኣዝመራ ቤት መግቢ ናይ መኣከቢ ቦታ ብምልጋስን ጣዕሚ ዝመልአ መግቢ ብምቕራብን ዝገበሩልና ምትሕብባር ብስም ኩሎም ኣባላት ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።